# ዘለ ብጭቕታ ናይ'ቲ ኣብልባቶም...!

1 ይ ክፋል...

ወዲ ኣዳም ምስኡ ዝፍጠሩ ባህርያዊ ባህግታትን ድልየታትን ከምዘለዉ ዘየማትእ ሓቂ እዩ ፡ ከምቲ ቁመትና ሕብርና ዝፈላለ ፡ ድልየትና ባህግና ዊንታና ፡ ይፈላለዩን ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት ክኣ ይመሳሰሉ እዮም ፡ ብሞያ ዘርዚርናን ተንቲንናን፡ ኣብዚኣ ንእሽቶ ጽሕፈይ ክቐርብ ምባል ሰማይውን ክጭብጦ ይኽእልየ ስለዘስምዕ ፡ ካብ ክውንነት ምውጻእ ንኩላትና ጥዑም ስለዘይኮነ ኣብቲ ናይ ሎሚ ኣርእስቲ መዛተይና ኣተኩረ ክውግዕ ይመርጽ ፡ ብሓጺሩ እቲ ኣመቱ ንኩልና ዝተኸወለ'ዩ ኢለ ፈጺመ ኣይኣምን ፡ ብፍላይ'ኳ ኣብዚ እንነብረሉ ዘመን ሳላ ምዕባለ ናይ ሞያ ጸጋታት ዘሎ ኣብ ዓለምና ካብ ጸጉሪ ርእስና ይበዝሕ ኢልካ ምግምጋም ዝክኣል ይመስለኒ ፡

ብርግጽ ግን ዛዕባ ክዛረበሉ ደልየ ዘለኹ ፡ ድርሰት ወይ ናይ ድርሰት ስነ-ጠቢባን ኣመልኪተ ንመወከሲ ንመዛተዪ ዝኣክል እንተዘይኮይኑ ፡ ዓቕመይ ብጣዕሚ ድሩትን ፡ ንስነ-ጽሑፍ ኣመልኪተ ብዙሕ ክምድረሉ ዝኽእል ናይ ድርሰታዊ ኣፍልጦ ብቕዓት ይሓጽረኒ'ኳ እንተኾነ ፡ ከምዝኾነ ንዝተጻሕፉ ዘንብቡን ኣምቢቦም ዘስተማቕሩን ገና ኣብ ትምህርቲ ካብዘለዉ ሓደ ካብኦም ኮይነ ፡ ገምጊመ ፍርዲ ክህብ ድፍረት ኮይኑ'ዩ ዝስመዓኒ ፡ ንመንነተይን ናብዛ ዓለም ምንባረይን ዘይምልከቶም ካልኦት ሰባት ንጥቕሞምን ረብሕኦምን ወኪሎም ፡ ክገልጹንን ክንበዩለይን ግን ፡ ክምክት ስለዘለኒ ኑቲ ብናጽነትን ማዕርነትን ንኽነብር ምምካት ፡ ከምዝኾነ ንጹህ ኤርትራዊ ናተይ ኢለ ሒዘዮ ኣለኹ ፡ ኤርትራዊ ዝልለየሉ ሕላገት ክኣ ኣብ ጽንኩር ይኹን ኣብ ዝኾነ እዋን ንህላዊኡ ንምርግጋጽ ብነብሰ-ምትእምማን ተበላሕነትን ስለዝምክትን መኪቱ ዝወጠኖ ሾቶ ስለ ዝዓውትን ፡ ናቱ ኣካል ኮይነ ምፍጣረይ ካብቲ ዘኹርዓኒ ነገር'ዩ እንተበልኩ ምግናን ኣይኮነን ፡

ብዙሓት ደረስቲ ንዓለምና ብዘመዝገበቶም ምዕባሌታትን ፡ ንብድሕሪ-ሕጂ ዝምዝገቡ ኣብ መደብ ዘለዉ ምህዞታትን በቲሓደወገን ፡ በቲ ካልእ ሸነኻቱ ክኣ ንዘጋጥሙና ብድሆታትን ኣፈታትሕኦምን ኣመልኪቶም ገሊጾምን ይገልጹ ኣለዉን ፡ ስለዝኾነ ክኣ ክውንነታውን መወከሲ ታሪኽ ስለዝደረሱልናን ዓቢ ትምህርቲ ሂቦምናን ይህቡና ስለዘለዉን ንሊቃውንቲ ናይ ዓለምና ምስጋና ዝግብኦም'ዩ ፡ ኮይኑ ግን ስለ ናይድርሰት ክእለት ምውናኖም ከምድልየቶም ዘይኮነ ፡ ናይ ስነ-ጽሑፍ ሕግታት ተወኪሶምን ተቐይዶምን ስለዝደርሱ ፡ ምሃርን ትሃራፍን ኮይኑ ፡ ንዝያዳ ንምምቃሩ ፡ ብደርፊ ተዋስኦ ካልእ ስነጥበብን ክኢላታት ክእለቶም ዘመስከሩሉ ዓውዲ እዩ ንናይገዛእ ርእሶም ኢሕባጥ ንምኽዋልን ፡ ንናይ ብዙሓት ኣህዛብ እጀታ ጓዕጺጾም ኣብናይ ውልቃዊ ረብሖም ንመግባት ዝህቅኑን ፡ ምኽን ኣብይዎም ምስፈሸሉ ንሰባት መደናገሪ ታሪኽ ዝጥምዝዙን ዘይንሱ ዝትርኹን ፡ ፈሊጣውያን ኢና'ሎም ራዕድን ሽበራን ኣብህዝቢ ዝነዝሑ ፡ ዝደረሱ እንተደረሱ ፡ ዝጽሓፉ እንተጽሓፉ ፡ ስነጥበባውነቶም ዝገልጽ ዘይኮነስ ፡ እንታይነቶምን ድሕረባይትኦምን ካብ ምልላይ ሓሊፎም ካልእ ትርጉም ክህልዎ ኣይክእልን ፡

ንምኽኑ ዘሎናዮ ግዜ ውልቃውነትን ፡ ዓውለማን ፡ ንሸውሃትካ ንምዕጋብ ኣብ ኣደባባይ ወጺእካ ብስም ህዝቢ ምምሓልን ምጥሓልን ፡ ከምውሃ ዘበለ ጨለ ክድምና ተወሲዱ ስለዘሎ ኣየኽፍኣልናን ይኸውን ዝብል ብሂል ተሞርኪሶም ይኾኑ ፡ ኣበየናይ ቦታን ንመንን ዝብላ በዳህቲ ሕቶታት ስለዝቐርባሎም ግን ዝረስዕወን ይመስሉ ፡ እቲ ምንታይሲ ንሓቅን ፍትሕን ዝቃለስ እቲ ዝበዝሐ ክፋል ናይ ዓለምና ህዝቢ ስለዘሎ ፡

ካብ ደደቢት ጀሚሩ ክሳብ ኣዲስ ኣበባ ምስ ወያነ ፡ በቲ ሓደ ወገን እናተቓለስኩ ፡ በቲ ሓደወገን እናተቓወምኩ ዝኣቶኹ ይብል ፡ ኣቶ ኣስገደ ገብረስላሰ ፡ ከም ኣበሃህልኡ ኣብቲ ጽሑፉውን ኣጸቢቑ ኣነጺርዎ ከምዘሎ ፡ ን 17 ዓመት ብዘይዕርፍቲ እናተቓወመ ዝተቓለሰ ወያናይ ፡ ዝደረሳ ጋህዲ ትብል መጽሓፉ ፡ ኣብ ጋህዲ ቁ. ገጽ 229 ንኤርትራ ኣመልኪቱ ዝጽሓፎ ጽሑፍ ካብቲ ንጽሓፌኡ ፡ እንታይነቱ ዘምዘነ ፡ ንዓና ንኤርትራውያን እቲ ጌና ተዘርዚሩ ዘይውዳእ  ፍሕሶ ተንኮላት ናይ ምንባርና ፈጺሞም ዘይደልዩን ጌና ይሕንሕኑ ምህላዎም ዝሕብር ብጭቓታ እዩ ፡ ስለዝኾነ ፡ ኣቶ ኣስገደ ገብረስላሰ ፡ ኣብ ጋህዲ ቁ.1 ገጽ 229 ፡ ኣብቲ ምጽናት ዓሌት ዝብል ኣርእስቲ ፡ ዝጽሓፎ ፡ ኤርትራ ጌና ሰብ ዝነብረላ ሃገር ምኻና ከተብቅዕ እያ ኢሉ ተነብዩ ምህላዉን መጽሓፉ ጋህዲ ኢሉ ምስያሙን ፡ ኣብ ውሽጢ ናይጽሑፉ ዓንቀጽ ፡ ንመሬት እንዳማቱን ህዝቡን ናይ ምጽናት ንብያት ምትምባዩን ፡ ንዝተገርሀ ሰብ ተገራጫዊ ሓሳባት ክመስሎ ይክእል ይኸውን እንቶ ነቲ ንባህሪ ጃንዳ ወያነን ጎይቶቱን ኣጸቢቑ ዝፈልጥን ፡ ኣመጻጽኣ ናይ ኤርትራ ከምናጻን ልዑላዊትን  ሃገረ ኤርትራ ዝፈልጥን ፡ ንምዕቃባ ብልቢ ዝሰርሕን ኤርትራዊ ግን ፡ ኣበሃህላ ናይ ኣይተ ኣስገደ ገብረስላሰ ፡ ሒማቕ ንብያት ናይ ምጽናት ሃገርን ህዝብን ኢሉ ዘስቅጥ ጥራይ ዘይኮነ ፡ መቐጸልታ'ቲ ቅንእን ጥልመትን ብጃንዳ ወያነ ኣቐዲሙ ዝተጠጅአን ንህዝብና ዘከላበተን ጉዳይ ምኻኑ ኣይስሓትናዮን ፡ ኣይንርስዖን ክኣ ፡ ንዝርዝራቱ ዝምልከት ኣብ ዝቕጽል ጽሑፈይ ኣጸቢቕና ክንዛተየሉ ኢና ፡

ክሳብ ርክብና ሰላም ንኹሉና ፡

ዓወት ንሓፋሽ !

ካብ ብርዒ ሓቂ ፡